# ባህርይ ክርስቶስ

## ብፓትርያርክ ሺኖዳ ሳልሳይ

ትርጉም
ብ
ዶ/ር ሽሞንዲ ኃይለ

ዋሽንግተን ዲሲ ሰሜን ኣሜሪካ
2001

## ምዕራፍ ፩

## ኣድላይነት ሓደ ባህርይ ንድሕነት

### ካብ ቁጥዓ ኣምላኽ ምህዳም

ወዲ ሰብ ካብ ቁጥዓ ኣምላኽ ኬምልጥ እንተድኣ ዀይኑ፡ ኣብቲ ዘየማትእን ንምድሓን ፍጹም ክእለትን ሓይልን ሥልጣንን ዘለዎ፡ በቲ ሓደ ባህርይ ሥጋ ዚለበሰ ቃል (ሎጎስ) ክንኣምን ግድን እዩ። ካልእ ኃይሊ፡ ብዚኾነ ይኹን ሥልጣን፡ ካብ ሓጢኣት ነጻ ኬውጽኣና ዚኽእል የልቦን። ንምኺኑ፡ ብዘይካ እቲ ሥጋ ዚለበሰ መለኮታዊ ቃል ኣምላኽ፡ ንምድሓን ዓብዩ ኃይሊን ሥልጣንን ዘለዎ መን እዩ?

እንተድኣ ነቲ ብጋህዲ ኣብ ዓለም ዝተራእየ፡ እሞ ብብዙሓት ዝተኣምነ ገዲፋና፡ ርእይቶና ኬነዔውት ኪንብል ኣብ ጽውጽዋይ ኪንኣቱ ደሊና ግና፡ ክልተ፡ ሰለስተ፡ ኣርባዕተ ባህርይ እናበልና፡ ኤረ እንሓንሳእሲ እቲ ሥጋዊ ባህርይ ጥራይ እዩ ደረት ዜየብሉ ምድሓን ዚፈጸመ፡ ንብል ኢና፡ እንተኾነ እዚ ፈጺሙ ዘይከኣል ኢዩ። ምኽንያቱ፡ ንዕላማ ድሕነት ደቂ-ሰብ፡ ናብ ኣዝዩ ሓደገኛ ዝኾነ

ድቕድቕ ጸልማት ኢና ነእትዎ ዘሎና። ከመይሲ፡ እንተድኣ ክልተ ባህርይ ኢልና ንዛረብ ኣሎናኮ፡ መለኮት ፈጺሙ ኣይተበጀወን ኢና እንብል ዘሎና!!!

በቲ ሞት ሰብኣዊ ባህርይ ጥራይ፡ ምድሓን ኣኹል ነይሩ እንተ ዚኸውንሲ፡ ሃዋርያ ጳውሎስ፡ "ካብ ገዛእቲ እዛ ዓለም እዚኣ ሓደ እኳ፡ ነዚ ጥበብ እዚ ኣይፈለጦን። እንተ ዝፈልጥዎስ፡ ንጎይታ ክብሪ ኣይምሰቐልዎን ኔሮም" ዝበለ። (1ቆረ፡ 2፡8) እዚ ጽሑፍ እዚ ኢየሱስ ክርስቶስ ክስቀል ኣይነበሮን ወይ የብሉን ኣይብልን። ግናኸ እታ ጎይታ እትብል ዘላ ቃል፡ ነቲ ኻኸድሕን ብቑዕ ክእለት ዘለዎ፡ ሓደ ባህርይ ድማ ዝኾነ ጎይታ ድኣ ብዚያዳ ተነጽረልና። ኤረ እቲ ክስቀል ዘለዎ ጎይታ ክብሪ፡ ባዕሉ ምኻኑ ኢያ እተረጋግጸልና። ሓቂ ኢዩ፡ ጎይታ ብሥጋ ተሰቕለ፡ እንተኾነ፡ እቲ ሥጋ ምስ መለኮት ሓደ ባህርይ ኰይኑ ምሉእ ሓድነት ከም ዚነበሮ እያ እተመልክት።

ቅዱስ ጴጥሮስ ንኣይሁድ ክምዚ በሎም፡ "እወ ንሸኻትኩም ነቲ ቅዱስን ጻድቕን ክሒድኩምሲ፡ ነቲ ነፍሲ ዝቐተለ ሰብኣይ ክምሕረልኩም ለመንኩም። ነቲ ርእሲ ሕይወት ቀተልኩምዎ። ንእኡ ኣምላኽ ካብ ሙታን ኣተንስኦ"። (ግብ፡3,14-15)

እዚ ጽሑፍ እዚ ድማ፡ እቲ ኣብ መስቀል ዝተሰቕለ ጎይታ ርእሲ ሕይወት ምኻኑ ደጊሙ የረጋግጽ። ከምኡውን ነቲ ባህርያት መለኮት የጽንዖ። ምኽንያቱ ኣብዚ፡ ነቲ ርእሲ ሕይወት፡ ክልተ ባህርያት ከም ዘሎዎ ገይሩ ኣይገለጾን። ወይ በቲ ንምድሓን ዘድሊ ጭብጥታት ኣቢሉ፡ ክልተ ባህርይ ኣይበለን። ጸሓፊ መልእኽቲ እብራውያን፡ ናብ እብራውያን ክጽሕፍ ከሎ፡ "እቲ ኹሉ ምእንታኡ ኹሉውን ብእኡ ዝኾነ፡ ንብዙሓት ውሉድ ናብ ክብሪ እናኣእተዎም፡ ነቲ ራእሲ ምድሓኖም ብስቅያት ኪፍጽሞ ተገብኦ" ይብል። (እብ፡2፡10)

ጌና ኣብ መስቀል እናተሳቐየ ከይተረፈ፡ ነቲ መለኮታዊ መልእኽቱ ኣይረስዔን። ሃዋርያ ጳውሎስ፡ "ኩሉ ብኣኡ ተፈጢሩ ኣሎ እሞ፡ ኹሉ ብኣኡን ንኣኡን ኢዩ እተፈጥረ" ኢሉ የጽንዖ። (ቆሌ፡1፡16) ሃዋርያ ዮሃንስ እውን ኣብቲ ደሴት ጳጥሞስ ከሎ ምስ ተራእዮ፡ "ኣነ እቲ ቀዳማይን እቲ ዳሕራይን እየ እሞ ኣይትፍራሕ። ሞይተ ነበርኩ፡ እንሆ ከኣ ንዘለዓለመ ዓለም ሕያው ኢየ፡ መርሖ ሞትን ሲኦልን ከኣ ኣሎኒ" በሎ። (ራኢ፡1፡17-18) እዚ ጥቅሲ እዚ ከም

ዚሕብሮ፣ እቲ ቅድም ዝሞተ፣ ዳሕራይ ድማ መርሖ ማዕሙቕ ሲኦልን ሞትን ኣብ ኢዱ ከም ዝኾነ ኢዩ ዝነግር ዘሎ።

ኣብዚውን ክርስቶስ ኣብ ጊዜ ሞቱ፣ ንመለኮታዊ ባህርይ ካብ ሥጋዊ ባህርይ ከም ዘይፈለዮ ኢዩ ዝምህረና። ከመይሲ፣ እቲ ዝሞተ እቲ ቀዳማይን ዳሕረዋይን ባዕሉ ጎይታ ክብሪ መድሓኔ ዓለም ምዃኑ መስከረ።

እሞኸድኣ፣ ክልተ ባህሪያት ኢልካ ንክርስቶስ ክንነጻጽሎ ክንፍትን ከሎና፣ ንድሕነትና ናብ ጎልጐል ምድርባይዶ ኣይኮነን? ምናልባት ገሌና ከምዚ ዚበለ ምንጽጻልሲ መን ኣወጆ? ጉባኤ ኬልቄዶንያ ክልተ ዝሓበሩ ኢሉውን ኣይኣወጀን? ክንብል ንኽእል ንኸውን። እንተኾነ፣ ልዮ ባዕሉ ኣብቲ ገዘፍቲ መጻሕፍቱ፣ ክርስቶስ ኣምላኽን ሰብን ኢዩ፣ እናበለ ይዛረብ። በቲ ሰብኣዊ ባህሪኡ ስሌና ይዋረድን ይሳቐን፣ በቲ መለኮታዊ ባህሪኡ ድማ፣ ተኣምራት ይፍጽም፣ እናበለ ዝምህሮ ትምህርቲ፣ ንቤተ ክርስቲያና ኣብ ሓደጋ ዘውደቓሽ ድኣ እንታይ ይኹን? ሥጋ በይኑ ይሳቐ ማለትሲ ድሕነት ኣይተፈጸመን ማለትዶ ኣየስምዕን? እስከ ናብቲ ዝመጽእ ምዕራፍ ንስገር።